# ኣምላኽ ንኸኣታትና ይቆጻጸር

እምነትና ከይትናወጽ፥ ነፍስና ኣብ ሓቅታት ባህርያት ኣምላክ ክትዓርፍ ይግብኣ። ሒደት ካብተን ዘይልወጣ ባህርያት ኣምላክ፥ ፍጹም ፍቕሪ፥ ምሉእ ሓይልን ፍጹም ጥበብን ክንጠቅስ ንክእል። “ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና” ኢልና ኣብ እንጽልየሉ ግዜ፥ “ኣቦና” እትብል ቃል ኣባታዊ ፍጹም ፍቕሩ ተዘካኽረና (ማቴ 7፥11)፥ ብፍላይ እታ “ና” እትብል ፊደል ከኣ ኣምላክ ናይ ሓደ ወይ ከኣ ናይ ውሱናት ዘይኮነስ፥ ናይ ኵሉ ኣቦ ብምኳኑ ኣምላክ ንኹሉ ሰብ ዘለዎ መንፈሳዊ ኣባታዊ ፍቕሩ የርእየና። “ኣብ ሰማያት” ዝብላ ቃላት ድማ፥ ኣምላክ ነቲ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝፍጸም ኵሉ ነገራት ገዛእን፥ ዙፋን መንግስቱ ድማ ልዕል ዝበለን ዝመስሎ ዘይብሉ ኣምላክ ምኳኑን የረድኣና። እታ “እትነብር” እትብል ቃል ድማ ኣምላክ ህያውን ዘይልወጥን ንዘለኣለም ጸኒዑ ዝነብር ምኳኑን ተርእየና።

ዘማራይ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ “መገዲ ኣምላኽሲ ፍጽምቲ እያ፥ ቃል እግዚኣብሄር እተኮልዐ እዩ፥ ነቶም ብእኡ ዝውከሉ ዘበሉ ዋልታኦም እዩ።… እቲ ሓይሊ ዘዕጥቐኒ፥ ንመገደይ ከኣ ዘቕንዓ ኣምላኽ፥” ይብል (መዝ 18፥30-32)። ኣምላክ ብፍቕሪ፥ ብሓይልን ጥበብን ፍጹም እንተ ዘይከውን፥ እምነትና ኣብኡ እትጽግዓሉ ብቑዕ መሰረት ኣይምሃለዋን ነይሩ። ግናከ ኣምላኽሲ ብኹሉ ፍጹም ስለ ዝኮነ ተኣማሚንና እንጽግዓሉ ጸግዕናን እምባናን እዩ።

ነብዪ ኢሳይያስ “ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኮነን፥ መገድታተይ ከኣ መገድታትኩም ኣይኮነን፥ ይብል እግዚኣብሄር። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዝብል፥ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፥ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ” ይብል (ኢሳ 55፥8-9)። ብዙሕ ግዜ ሓሳባትናን መገድታትናን ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ሓሳባትን መገድታትን ስለ ዝፍለ፥ ነቲ ንሱ ዝሰርሓሉን ንጕዳያትና ዝእዝዘሉ መገድታትን ኣይርድኣናን እዩ።

ከምቲ ቈልዓ ኵሉ መገድታት ኣቦኡ ብምልኣት ከይተረድአ ጸኒሑ፥ ግን ብመጠን እናዓበየ ዝከደን ምስ ኣቦኡ ሕብረት ዝገበረን ኣሰራርሓ ኣቦኡ እናተረድአ ዝኸይድ፥ ንሕና’ውን ብመጠን ዝዓበናዮ፥ መገድታት ኣምላክ

እናተረዳእናዮ ኢና ንከይድ።

ሎሚ ብዙሓት ኣመንቲ ምሉእ ስልጣን ኣምላክ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ሰብን ኵነታትን ኣጸቢቕም ብዘይምእማኖም ኣተሓሳሳቢ ጕዳይ እናኰነ ይመጽእ ኣሎ። ንስልጣን ኣምላክ፡ ብቓላት ኣፎም የረጋግጽዎ እዮም፡ ግናከ ኣብ መዓልታዊ ኵነታት ህይወቶም ከም ዝሰርሕ ኣብ ናብራኦም ኣይንጸባረቕን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ግና፡ ኣምላክ ብዙሕ ግዜ ብብዙሕ መገድታት ንስልጣኑ ኣብ ህዝቡ ከመይ ገይሩ ከም ዝሰርሓሉ ብዙሕ ኣብነታት የርእየና እዩ።

ኵልና ኣምላክ ከመይ ገይሩ ብዘደንቕን ተኣምራታውን ዝኾነ መገድታት ኣብ ክንዲ ህዝቡ ንኵነታት ከም ዝቐየሮ ይርድኣና እዩ። ምውጻእ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ኣብነታት እዩ። ግናከ ኣምላክ፡ ነቲ ሰይጣን ብመገዲ ፈርኦን ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ብምግባር ንህዝቢ ኣምላክ ንምጥቃዕ ዝመደቦ መደብ፡ ናብ ርእሱ ከም ዝመለሶ እናፈለጥና ክነስና ኣብቲ ናትና ኵነታት ምስ በጻሕና ከምኡ ክሰርሕ ከም ዝክእል ንዝንግዖ ኢና።

ህይወት ዮሴፍ እንተ ወሰድናʼውን ሓደ ዓብዪ ኣብነት እዩ። ኣምላክ ኣብ ህይወት ዮሴፍ መፈጸምታን ተስፋን ዘለዎ መደብ ነበሮ። በቲ ኣብ ኣቦኡ ዝነበሮ ፍሉይ ተፈታውነትን ብተደጋጋሚ ዝሓለሞ ሕልምን ኣሕዋቱ ቀኒኦም ናብ እስማኤላውያን ነጋዶ ሸጥዎ። እቶም እስማኤላውያን ብወገኖም ናብ ጰጢፋር ሸጥዎ። እግዚኣብሄር ግና ንዮሴፍ ኣብ ቅድሚ ጰጢፋር ዓብዪ ሞጐስ ሃቦ። ጰጢፋር ድማ ንዮሴፍ ኣዛዚ ኵሉ ቤቱን ንብረቱን ገበሮ። ኣምላክ ከኣ ስለ ዮሴፍ ኢሉ ንቤት ጰጢፋር ባረኻ (ዘፍ 39፡1-6)።

ዮሴፍ ሕጂʼውን ካብ ፈተና ኣየዕረፈን። ሰበይቲ ጰጢፋር ብዙሕ ግዜ ብዝሙት ትፈታተኖ ነበረት። ዮሴፍ እምቢ ንሓጢኣት ኢሉ ምስ ኣቕበጸ ግና ድሌታ ስለ ዘይሰመረላ ቀጥዓ በዓል ቤታ ዘገንፈለ፡ ንዮሴፍ ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዘእተወ ውዲት ኣለመት (ዘፍ 39፡7-20)። ግናከ ሓሳብ ኣምላክ ኣብ ዮሴፍ መፈጸምታን ተስፋን ዘለዎ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ኵሉ ንሞት ኣሕሊፉ ኣይሃቦን። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣተወ፡ ዋላ እኳ ሰባት ምሕረት እንተ ዘይገበሩሉ፡ ኣምላክ ምሕረት ስለ ዝገበረሉ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓለቓ ቤት ማእሰርቲ ሞገስ ረኸበ። ንዮሴፍ ከኣ ኣብ ትሕቲኡ ሸሞ። ኣምላክ ንዮሴፍ ንኵሉ ተግባር ኣእዳዉ የቕንዓሉ ነበረ።

ዮሴፍ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ እዚ ከሎ ሕልሚ ኣሰላፊ ሜስ ንጉስ ብምፍታሑ ዮሴፍ ብምዱብ ጊዜ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ፈርኦን ንክቐርብ ዕድል ረኸበ። ዋላ እኳ እቲ ኣሰላፊ ሜስ ንምሕጽንታ ዮሴፍ እንተ ረስዖ፡ እቲ ኵሉ ግዜ ምስ ዮሴፍ ዝነበረ ኣምላክ ግን ንዮሴፍ ኣይረስዖን። ኣሕዋቱን ሰበይቲ ጰጢፋርን እኳ ንጥፍኣቱ ጕድጓድ እንተ ኰዓቱሉ፡ ኣምላክ ግና ንላዕሊ ክብ ኣበሎ። ካብቲ ኣብ ቤት ጰጢፋር ዝነበሮ ክብረት ዝበልጽ ክብረት ሃቦ። "ፈርኦን ከኣ ንገላውኡ ከምዚ ዝበለ መንፈስ ኣምላክ ዘለዎ ሰብኣይ ደኾን ንረክብ፧ በሎም። ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ኣምላክ እዚ ኵሉ ኣፍለጠካ፡ ከማኻ ዝበለ ፈላጥን ኣስተውዓልን የልቦን ... ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ረአ

ኣብ ልዕሊ ኲላ ሃገር ግብጺ ሸይመካ ኣሎኩ በሎ” (ዘፍ 41፥ 38-41)። ካብዚ እንመሃሮ፡ ንኹሉ ዝመጸካ ፈታናታት ከም ፍቓድ ኣምላክ ምስ እትሓልፎ፡ ኣምላክ ከኣ ብመደቡ ንክብርካ፡ ንሰናይካ ከም ዝዓዪ ንጹር ኣብነትን ኣርኣያን እዩ። ሰለዚ ኣብ ጊዜ ፈተናና እሙናት ኴንና ምስ እንሓልፎ ኣምላክ ከኣ በቲ ናቱ ጊዜ ሰሌዳ ንሰናይናን ንጽቡቕናን ይዓዪ። መዓስ፡ እንታይ ይሰርሕ ንሰባት ዘይኮነስ ንልኡላዊ ስልጣኑ ዝግደፍ ሕቶ እዩ። ዮሴፍ ብኹሉ ተመኲሩ እሙን ኮይኑ ክሳብ ዝርከብ ዝተፈላለየ ፈተና ክሓልፍ ግድን ኮነ (መዝ 105፥18-20)። ንሕና ድማ ንዘጋጥመና በበይኑ ዓይነት ፈተናታት እሙናት ኴንና  ክንሓልፎን፡ እቲ ልዕሊ ኣእምሮና ዝኮነ ኣምላክ  ብናቱ ጊዜ ክሳዕ ዝበጽሓና ብትዕግስቲ ክንጽበን ክርስቲያናዊ ሓላፍነትና እዩ። ኣብ ኲሉ ፈተናና ንምርጫ ኣምላክን ንመደብ ኣምላክን ህይወትና ኣሕሊፍና ንሃብ እምበር፡ ናትና መደብን ምርጫን ንምውሳድ ኣይንተሃወክ።

ኣምላክ፡ ነቲ ሰባት ዝገብሩና ክፉእ ነገር፡ ንሰናይና ክልውጦ ከሎ፡ ኣዝዩ ዓብዪ ተኣምራት እዩ። ኣምላክ ንክፉእ ሓሳብ ሰባት ናብ ገዛእ ርእሶም ይመልሶ እዩ። ብዛዕባ እቶም ዝጸልኡና ኣሕዋትና፡ ብሓሶት ዝከሰሱና ሰባትን፡ ተስፋ ኣትዮም ግን ዝጠልሙና ኣዕሩክትና ወይ ከኣ ነቶም ብዘይ ፍትሒ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዝድርብዩና ሰባት ዘሎና ኣተሓሳስባ ከመይ እዩ፧

ኣምላክ ነዞም ኲሎም ሰባትን ንነፍሲ ወከፍ ዝገብሩዎ ነገራትን፡ ብፍላጥ ይኩን ብዘይፍላጥ፡ ኣብ ህይወትና ቃሉ፡ መደቡን ምክሩን ንክፍጽመሉ ክጥቀመሉ ዝክእል ልኡላዊ ጐይታ ምኳኑ ንኣምን’ዶ፧

ግናከ መን እዩ መደብ ኣምላክ ኣብ ህይወት ዮሴፍ ከይፍጸም ክክልክሎ ዝክእል፧ ሓደ እኳ! ዮሴፍ ብምትላል ናይ ሰበይቲ ጰጢፋር ተጠሊፉ ነይሩ እንተ ዝከውን ግን እዚ ኲሉ በረከትን መጐስን ኣይምረከቦን ነይሩ። ዋላ እኳ ንመደብ ኣምላክ ዝክልክል ሓይሊ እንተ ዘየለ፡ ናትና ዘይምእዛዝን ዘይምቕዳስን ግን ነቲ ኣምላክ ዝመከረልና ጽቡቕ ምክሪ ንከይንረክቦ ይክልክለና እዩ።

ኣእምሮና ኣብዚ ሓቂ እዚ ምእንቲ ኣጸቢቑ ክስረት ካልኦት ተወሰኽቲ ኣብነታት ክንርኢ ኢና። ኣብ መጽሓፍ ኣስቴር ኣምላክ ንኣይሁዳውያን ካብ ምጽናት ዘርኢ ከመይ ገይሩ ከም ዘድሓኖም ነንብብ። ኣምላክ ብንኡሽቶ ፍጻሜ፡ ንንጉስ ከመይ ገይሩ ምሉእ ለይቲ ድቃስ ክስእን ከም ዝገበሮ ክንርኢ ከሎና ዘገርም እዩ። ሃማንን ሰበይቱን ንኲሎም ኣይሁድ ንምጥፋእን ንጽባሒቱ ንማርዶካይ ኣብ ጕንዲ ክሰቕሉዎን ካብ ንጉስ ፍቓድ ምእንቲ ክረክቡ በታ ለይቲ እቲኣ ውዲት ኣሊሞምሉ ነበሩ። ግናከ ሃማን ምስ ሰበይቱ ክፉእ እናመከሩሉ ከለዉ፡ ኣምላክ ድማ ኣብ ክንዲ እቲ ንሳቶም ክፉእ ዝመከሩሉ ማርዶካይ ይሰርሕ ነይሩ። “ንሱ ንእግርካ ኣየሰናክልን፡ ሓላዊካ ኣይታከስን። እነሆ፡ እቲ ንእስራኤል ዝሕሉ ኣይታከስን ኣይድቅስን እዩ” (መዝ 121፥3-4)። “እቲ ንጉስ በታ ለይቲ እቲኣ ድቃስ ዘይብሉ ሓደረ፡ እቲ መጽሓፍ ዜና መዋእል መዘከርታ ከምጽኡሉ ከኣ ኣዘዘ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ተነበበ” (ኣስ 6፥1)።

ቅድሚ ምድሪ ክወግሕ ምጅማሩ፡ ንጉስ ንነዊሕ ሰዓታት ታሪክ ሃገሩ ሰሚዑ። ኣብቲ ዝተነበበሉ ታሪክ ድማ፡ ማርዶካይ ሓደ ግዜ ንንጉስ ካብ ቅትለት ከም ዘድሓኖ ዝገልጽ ጽሑፍ ተረክበ።

ንጉስ ድማ ነዚ ሰብ እዚ እንታይ ክብሪ ተገብረሉ ኢሉ ሓተተ። ንሳቶም ድማ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይተገብረሉ ሓበሩዎ። ሕጂ'ውን ጊዜ ኣምላክ፡ ኣብ ፍጻሜታት ፍጹም እዩ። ቅድሚ ሃማን ንንጉስ ኣፉ ምክፋቱ፡ ንጉስ ንሃማን፡ ንጉስ ከክብሮ ንዝደለዮ ሰብ እንታይ ክግበረሉ ይግባእ፧ ብምባል ሓተቶ። ሃማን ድማ ንጉስ ካባይ ሓሊፉ ንመን ከክብሮ ደልዩ ኢሉ ብምሕሳብ፡ እቲ ዝዓበየ ኢሉ ዝሓሰቦ መለሰ። እቲ ንጉስ  ከኣ ቀልጢፍካ ከምቲ እተዛረብካዮ፡ ካብኡ ሓንቲ ከየጕደልካ ንማርዶካይ ግበረሉ ኢሉ ኣዘዞ (ኣስ 6፡4-11)። ክንደይ ዘገርም እዩ! ኣብ መወዳእታ ነቲ ንምጥፋኡ ተንኮል ዝኣለመሉ ማርዶካይ ከምቲ ትእዛዝ ንጉስ ብግቡእ ድሕሪ ምክባር፡ ኣብቲ ንማርዶካይ ኢሉ ዘዳለዎ ጕንዲ ተሰቕለ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ "ጕድጓድ ዝኵዕት (ንካልእ) ኣብኣ ይወድቕ (ንርእሱ)፡ እምኒ ዘንከባልል  (ንካልእ) ከኣ ንሳ ትምለሶ (ትወቕዖ)" (ምሳ 26፡27)።

ኣብዚ ዛንታ እዚ፡ ሃማን፡ ነቲ ኵሉ ጊዜ ኣንጻርና ክፉእ መደብ ዝምድብ ጸላኢና ይመስል። ኣምላክ ንሓሳብ ሃማን ደው ኣየበሎን። ምክንያቱ ኣምላክ ካብኡ ዝሰፍሐን ዝበልጽን መደብ ነይሩዎ። ነቲ ንዓና ኢሎም ዝኵዕቱዎ ጕድጓድ፡ ኣብ መወዳእታ ንሳቶም እዮም ኣብኡ ዝወድቁ። "... እግዚኣብሄር ኣምላክኪ ኣብ ማእከልኪ ዘድሕን ጅግና እዩ፡ ብኣኺ ሓጐስ ክሕጐስ እዩ፡ ብፍቕሩ ክሃድእ እዩ፡ ብኣኺ እልል እናበለ ክሕጐስ እዩ፡..." (ጸፎ 3፡17)። እዚ ድማ ኣምላክ ኵሉ ጊዜ ብፍቕሩ ሃዲኡ ስሌና ሰናይ መደብ ከም ዝምድበልና ዘረድእ ሓሳብ እዩ። ማርዶካይ ነቲ ሃማንን ሰበይቱን በታ ለይቲ እቲኣ ዝኣመሙዎ ኵሉ መደብ ከይፈለጠ ብሰላም እኳ ደቂሱ እንተ ነበረ፡ ኣምላክ ግና ንምድሓኑ ነቒሑ ሓደረ። ስለዚ ድማ እዩ ማርዶካይ፡ ኣብታ ሃማን ንምጥፋኡ፡ ንጉስ ድማ ብዘይተረድኦ መገዲ ንምድሓኑ ድቃስ ስኢኖምላ ዝሓደሩ ለይቲ ሃዲኡ ደቂሱ ዝሓደረ። ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ እንተ ረኣና'ውን ከምኡ እዩ። ኣብ ምዱብ ጊዜ መልኣክ ኣምላክ መጺኡ፡ ንጴጥሮስ ኣተንስኦ እሞ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ሓራ ኣውጽኦ (ግብ 12፡6-12)። ንሕና ድማ ምሉእ ስልጣን ኣምላክ ንኣምን እንተ ደኣ ኴንና፡ ሰባት ወይ ክፉኣት መናፍስቲ ኣባና ክገብሩዎ ዝህቅኑ ብዘየገድስ፡ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብህድኣትን ምትእምማንን ነፍሲ ወከፍ ለይቲ'ውን ብሰላም ኢና እንድቅስ (መዝ 4፡8)።

ስልጣንን ልኡላውነትን ኣምላክ ብግቡእ እንተ ተረዲኡና፡ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ንሰባት ምውቃስ ደው ከነብል ኢና። ኣብዚ ምድሪ እዚ ሕማም ወይ ዝኾነ ካልእ ነገር ኣይንፈርህን ኢና። መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ኵሉ ነገርን ስለ ኵሎም ሰባትን፡ ኣብ ኵሉ ኵነታትን ንኣምላክ ከነመስግን ይነግረና እዩ።

"ንኣምላክን ነቦን ስለ ኵሉ ነገር ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኵሉ ሳዕ እናኣመስገንኩምዎ፡ ንሓድሕድኩም ብፍርሃት ክርስቶስ እዙዛት ኵኑ" (ኤፌ 5፡20-21)

"እዚ ምእንታኩም ብኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድ ኣምላክ እዩ እሞ፡ ብኵሉ     ኣመስግኑ" (1ተሰ 5፡18)

"እምበኣርከ ስለ ኵሉ ሰብ ... ምህለላን ምስጋናን ክግበር ቅድሚ ኵሉ እምዕድ ኣሎኹ" (1ጢሞ 2፡1-2)

ነዚ ነገር እዚ ብርድኢት ክንገብሮ እንክእል፡ ፍጹም ልኡላውነት ኣምላክ ምስ ዝርድኣና ጥራሕ እዩ። ኣምላክ ከምቲ ንባርቱ ዝተጠንቀቐሎም ንዓና ድማ ይጥንቀቐልና እዩ። እቲ ንባሮቱ ዝሓገዞም ጸጋ፡ እቲ ንባሮቱ ሰዓርቲ ኮይኖም ክወጹ ዝረድኦም ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ሕጂ'ውን ንምድጋፍና ድሉው እዩ (ማቴ 26፡41)።

ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ይሁዳ ኣሕሊፉ ሂቡዎ፡ ጴጥሮስ ክሒዱዎ፡ ብዘይ ፍትሒ ተፈቲኑ፡ ብሓሶት ተመስኪሩሉ ምእንቲ ክሰቕሉዎ'ውን ወሰዱዎ። ናብ ቀራንዮ ክከይድ ከሎ ድማ ንብዙሓት ኣንስቲ "... ንርእስክንን ንደቅክንን ደኣ ብኽያ እምበር፡ ንዓይሲ ኣይትብከያለይ" በለን (ሉቃ 23፡28)። ንጲላጦስ ድማ፡ "... ካብ ላዕሊ እንተ ዘይወሃበካስ፡ ኣባይ ስልጣን ኣይምሃለወካን ነይሩ" በሎ (ዮሃ 19፡11)። ንሕና ድማ ከምቲ ንሱ እተመላለሶ ክንመላለስ እዩ ጻውዒትና እሞ ከምቲ ክርስቶስ ጽቡቕ ምእማን እተኣመኖ ክንእመንን ንብዙሓት ንምስክር ክንከውንን ይግባእ (1ዮሃ 2፡6 1ጢሞ 6፡14)። ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ "ክሳዕ ምግላጽ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ትእዛዝ ብዘይ ርስሓትን መንቅብን ክትሕልዎ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኹሉ ህያው ዝገብር ኣምላክን ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ጶንጥዮስ ጲላጦስ ጽቡቕ ምእማን እተኣመነ ክርስቶስ ኢየሱስን እእዝዘካ ኣሎኹ" ብምባል ክእዝዞ ከሎ ንርኢ (1ጢሞ 6፡13-14)። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ እቲ ቀንዲ ነገር ኣምላክ ንዓና ካብ ባህርዩን ቅድስናኡን ተማቒልቲ ምእንቲ ክንከውን ኢሉ ዝሰርሕ ምኳኑ እዩ።

ኣምላክ በቲ ዘደንቕ ስልጣኑን ልኡላውነቱን ንነፍሲ ወከፍ ሰብን ነቲ ንመገድና ዘበላሹ ነገራትን ዕላማኡ ንምፍጻም ይጥቀመሉ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ስለ ኹሉ ሰብን ስለ ኹሉ ነገርን ምስጋና ከነቕርብ ዝግብኣና። ንምንታይ እዩ ኣምላክ ንሕሱም ጐረቤት፡ ኣሸጋሪ ቤተ ሰብ ወይ ብጻይ ወይ በዓል ስልጣን ንዓካ ክንድእ ከሎ ስቕ ኢሉ ዝርኢ፧ እቲ ምኽንያት ሽግርካ ወይ ጸበባካ ዘይተሰምዖ ኮይኑ ዘይኮነስ ብምኽንያቶም ንምቕዳስካን ንሰናይካን ክዓዪ ስለ ዝደሊ እዩ። እቲ ዘሐጕስ፡ ዓወትና ኣብ ዓይነት እቶም ኣብ ዙርያና፡ ኣብ ገዛና፡ ኣብ ስራሕና ወይ ኣብ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዘለዉ ሰባት ዝምርኮስ ዘይምኳኑ እዩ። ስለዚ ሎሚ ኣብ ኩሉን ብኹሉን ብዓወት ክንመላለስ ንደሊ እንተ ደኣ ኾንና፡ ኣብቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ነገራት ክንጥምት ዘይኮነስ ኣብቲ ንኹሉ ነገር ዝገዝእን ዝመልክን ንኹሉ ኵነታት ድማ ዝቆጻጸርን ንምህናጽና ዝጥቀመሉን ስልጡንን ልዑልን ኣምላክ እምነትና ክንስርትን ከነጽንዕን ይግብኣና።

እግዚኣብሄር ይደግፍ።